Göteborgs Stad

# መመልከቲ ንምግባር

## ንዘለካ ዝኾንካ



# ንስኻ ኣብ ዮቶቦሪ ትነብር ዝኾንካ ካብ ናይ ባዕልኻ ኩነታት ተበጊስካ ኣብ ገዛእ ርእስኻ እትምርኰስን ተሳታፍነት ዘለካን ክትከውን ኢኻ።

ኣካላዊ ስንክልና ምስ ዝህሉወካ ብመገዲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቢልካ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ኣብዚ ተለጣፊ ወረቐት እዚ ማለት ብሮሽር እዚ ብዛዕባ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ንደገፍ ዝኸውን መመልከቲ ከመይ ከም ዝካየድ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ። ከምኡ ድማ ብዛዕባ ንዓኻ ዘድልዩኻ ደገፋትን ሓገዛትን ከመይ ከም ከም ዝጽንዑ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

## ሕግታት ምሕደራ -ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሕጊ ብዛዕባ ደገፍን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካላዊ ስንክልና ዘሎዎም

ኣብ ኣድላይነታትካ ዝምርኮሱ ናይ ደገፍ መሰል ዝህቡኻ ክልተ ዝተፈላለዩ ሕግታት ኣለዉ - ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሕጊ ብዛዕባ ደገፍን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም እዮም። ከተመልክቱሎም ትኽእሉዎም ኣካላት ብኣድላይነት ዝተፈተኑ እዮም። እዞም ሓገዛት እዚኣቶም ብዝተኻእለ መጠን ሓደ ኣካል ናይቲ ማሕበራዊ ናብራ ናይቲ ሕብረተ ሰብ ከም ትኸውንን ነብስኻ ክኢልካ ከም ትነብርን መሰረት ዝገበረ ዘድልየካ ሓገዝ እዩ።

## ብዛዕባ ሕጋጋትን እንታይ ማለት እዮምን ብዝምልከት ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል፡

ኣብ www.riksdagen.se, ናብ Dokument & lagar እቶ : ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (2001:453) ሕጊ (1993:387) ብዛዕባ ሓገዝን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካላዊ ስንክልና።

ኣበየናት ትካላት ሓገዝ ተመልክት ብዝምልከት ኣብ goteborg.se/funktionsnedsattning ኣንብብ።

## ናይ ሓገዝ መሰል ዘሎዎ መን እዩ?

ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል ሰብ መን እዩ?

ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኩሉ ሰብ ሓገዝ ናብ ዝህቡ ትካላት ከመልክት ይኽእል እዩ። ነዚ ሓገዝ እዚ ከተመልክት እንተ ኼንካ ግድነት ከተማልኦ ዝግብኣካ ነገር ኣሎ። ንኣብነት ገለ ካብኡ ኣካላዊ ስንክልና ዘሎካ ኮይኑ ኣብ መዓልታዊ ናብራኻ ዘጸግምን ባዕልኻ ይኹን ብኻልእ መገዲ ንኽትፈትሖ ዘሸግረካ ምስ ዝኸውንን እዩ።

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ ንስኻ ትሓቶ ወይ ተመልክቶ ሓገዝ ገደብ ኣይገብረሉን እዩ። ኣየናይ ሓገዝ እዩ ዘድልየካ ተመልክተሉ ምግላጽ ጥራይ እዩ።

## ብመሰረት ሕጊ ሓገዝን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካለ ስንኩላን ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል መን እዩ?

ብመሰረት ሕጊ ሓገዝን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካለ ስንኩላን ንሓገዝ ክጠርዑ ክኽእሉ ንኹላቶም መሰል ኣሎዎም። እዩ። ነዚ ሓገዝ እዚ ከተመልክት እንተ ኼንካ ግድነት ከተማልኦ ዝግብኣካ ነገር ኣሎ። ሰለስተ ካብቶም ኣብቲ ሕጊ ዝተገልጹ መደባት እንተ ወሓደ ኣብ ሓደ ዝጥርነፉ - ናይ ግሊ ክበባት ዝብሃሉ እዮም።

## ናይ ሓደ ዓንኬል ሰባት ኢኻ እንተኾንካ

1. ናይ ዕብየት ምዝባዕ፡ ኦቲዝም ወይ ድማ ኦቲዝም ዝመስል ሕማም ከም ዘሎዎ ዝተረጋገጸ።

2. ኣብ ግዜ ብጽሕና (ድሕሪ 16 ዓመት ዕድመ) ብደገኣዊ መጥቃዕቲ ወይ ብኣካላዊ ሕማም ምኽንያት ናይ ኣእምሮ መጕዳእቲ ድሕሪ ምግጣሙ ልዑልን ቀዋምን ናይ ኣእምሮ ሕማም ምስ ዘጋጥም፡

3. ቀዋሚ ናይ ኣካል ወይ ድማ ናይ ኣእምሮ ጸገም ምስ ዝህሉወካ እሞ ድማ በቲ ልሙድ ናይ እርጋን ምኽንያት ምስ ዘይከውን፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ዕለታዊ ህይወትካ ኣብ ምምራሕ ዓቢ ናይ ደገፍን ናይ ኣገልግሎትን ሓገዝን ምስ ዘድልየካ፡

ናይ ገለ ብሰብ ዝቐውም ክለብ ኣባል ምዃንካን ዘይምዃንካን ንምፍላጥ እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ዝወሃብ መግለጺ የድልዮ እዩ፡ እዚ ማለት ምርመራኻን ድልየት ናትካን ዝገልጽ እዩ።

# ካብ ምምልካት ክሳዕ ውሳነ



## ንሓገዝ ዝምልከት መመልከቲ ኣብ እንዳ ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ኣብ goteborg.se/funktionsnedsattning ብምእታው ብመገዲ ቴለፎን፣ ኢ.መይል፣ ብኣካል፣ ብደብዳበ ወይ ድማ ቤልትሮኒካዊ ኣልግሎት ናይ ድጋፍ መመልከቲ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ መመልከቲ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዝደለኻ ግለጽ። መጉዚት፣ ዘመድ፣ ተጸዋዒ ወይ ድማ ብዓል ሓደራ ውን ነቲ ናትካ መመልከቲ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ኢ.መይል፣ ቡስጣ፣ ከምኡ ድማ ብኣካል ትቐርበሉ ኣድራሻ ናይቲ ዝምልከተካ  ክፍሊ ሓገዝ ንኣካላዊ ስንካለ ዘለዎም ንምርካብ ኣብ goteborg.se ኣቲኻ ”hitta funktionsstödsen-het” ዝብል ኣድራሻ ፈትሽ።



## ርክብ ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ነቲ መመልከቲኻ ምስ ተረከቦ ሓደ ጸሓፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ምሳኻ ኣኼባ ንምስራዕ ብቴለፎን፣ ብኢ.መይል፣ ወይ ድማ ብደብዳበ ክረኽበካ እዩ። ኣብቲ ርክብ ድማ ክልተኹም ብዛዕባ ጠለባትካ ክትዝትዩ ኢኹም። እቲ ጸሓፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ድማ ግምገማ ክጅምር እዩ።




## ግምገማ

ሓገዝ ኣብ ትሓተሉ ግዜ እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ንጠለባትካ ክግምግሞም ክጅምር እዩ። እቲ ግምገማ ድማ ኣብቲ ንስኻ ዘቕረብካዮ እሞ ድማ እቲ ጸሓፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ካባኻ ዝተረከቦ ሓበሬታ  ዝምርኰስ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ግን ካብ ካልኦት ውን ሓበሬታ የድሊ እዩ። ብናትካ ፍቓድ እቲ ጸሓፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ብገለ ሸነኽ ንኣብነት ናይ ሕክምና ርእይቶ ወይ ተመሳሳሊ ሰነድ ካብ ካልኦት ትካላት ብዓል መዚ ማለት ምሳኻ ርክብ ዝነበሮም ከም ፎርሼክሪንካሳንን ክፍሊ ዕዮን ክሓትት ይኽእል እዩ።



## ሰነዳት ውሳነ

ኩሉ ግዜ ሰነዳት ክፋል ውሳኔ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።



## ውሳነ

እቲ ኣብ ግዜ ምምማይ እቲ ጸሓፊ ማሕበራዊ ጉዳይ ዝረኸቦ ክፋል ሓበሬታ እዩ ናብ ፍርድን ውሳነን ዝበጽሕ።

ክልተ ዝተፈላለዩ ውሳነታት ኣለዉ፣

1. ናይ እወንታ

2. ምንጻግ

ናይ እወንታ ውሳነ ማለት ነቲ ንስኻ ዝሓተትካሉ ሓገዛዊ ጉዳያት ክወሃበካ እዩ ማለት እዩ። እቲ ጸሓፊ ማሕበራዊ ጉዳይ ናብቶም ንዓኻ ዝሕግዙኻ ኣካላት ሓገዝ ሓደ ቅጥዒ ክሰደሎም እዩ።.

ምንጻግ ማለት ነቲ ንስኻ ዝሓተትካሉ ሓገዛዊ ጉዳያት ኣይወሃበካን እዩ ማለት እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ግን ነቲ ውሳነ እግባይ ክትብለሉ ትኽእል ኢኻ። ከመይ ጌርካ እግባይ ከም ትብል ድማ ምስቲ ውሳነ ብሓደ ክወሃበካ እዩ።

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ መመልከቲኻ ብኽፋሉ ክህበካ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ ካብቶም ዘመልከትካሎም ሓገዛዊ ነገራት ንገለ ክፋሉ ክጽድቐልካ ይኽእል እዩ ማለት እዩ። እንተ ኾነ ግን ምስቲ ውሳነ ብሓደ እግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓበሬታ እንተ ዘይመጺኡካ እግባይ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ።

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ ውሳነን ገምጋማትን ብመልክዕ ደብዳበ ኣብ ፖስታ የእትዩ ክሰደልካ እዩ። ብኻልእ መንገዲ ክስደደልካ ዘይትደሊ ምስ ትኸውን ማለት እዩ። ኣብቲ ውሳነ ነየናይ መቓን ግዜ እቲ ውሳነ ዝምልከት ክካተት እዩ። ነቲ ጉዳይካ ንዝወሰነ ኣካል ወይ ሰብ ናይ ምርካቡ ምሉእ መሰል ኣለካ።

## እቲ ውሳነ ክንደይ ዝኸውን ግዜ እዩ ዝወስድ

ኩሎም ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሕጊ ብዛዕባ ደገፍን ኣገልግሎትን ንገለ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎምን ከም ዝግምግሙዎ እቲ ናይቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምመያ ዝተፈላለየ ግዜ ከም ዝወስድ እዩ። እዚ ማለት ድማ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝተፈላለዩ ንውሓት ግዜ ይወስዱ። እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቶም ዘድልዩዎ ሰነዳት ቀልጢፉ እንተ ደኣ ረኺቡዎም እቲ መስርሕ ብዝቐልጠፈ ይካየድ። እቶም ሰነዳት ኣብ ምርካቦም ነዊሕ ግዜ እንተ ደኣ ወሲዱ ድማ እቲ መስርሕ ነዊሕ ግዜ ክወስድ እዩ።





## ሓገዛዊ ጉዳይ

እቲ ዝገበርካዮ ናይ ሓገዝ መመልከቲ እንተ ደኣ ተተግቢሩ፣ እቲ ጸሓፊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እቲ ሓገዛዊ ጉዳይካ ንኽትግበር ናብቶም ዝምልከቶም ቅጥዒ ክሰድድ እዩ። እቶም ነቲ ደገፍ ዝገብሩልካ ኣካላት ድማ ብመሰረትን ኣገባብን ምስ ሃንድለጋረኺ ዝገበርካዮ ስምምዕ ክረኽቡኺ እዮም። እዚ ግን ነቲ ሓገዝ ንኽትረኽቦ ዝተፈላለየ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ዝግበረልካ ዓይነት ሓገዛዊ ጉዳይ ዝምርኮስ ድማ ይኸውን።



## ምክትታል

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ነቲ ጉዳይ ክከታተሎ ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ እቲ ጸሓፊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንተ ወሓደ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ክረኽበካ እዩ። እቲ ዝግበረልካ ደገፍ ጽቡቕ ዶ ይኸይድ ኣሎ፣ እቲ ደገፍ ኣብ ቦቱኡ ዶ ኣሎ ከም ቀደሙ ወይ ድማ ድሌታትካ ተቐያይሮም ድዮም ኣብ ዝብሉ ነጥብታት ምመያ ክገብር እዩ።

## ናይ ውሳነ እግባይ

እቲ ዝሓተትካዮን ዘመልከትካሉን ደገፍ ምስ ዘይወሃበካ ነቲ ውሳነ እግባይ ክትብለሉ ትኽእል ኢኻ። ከመይ ጌርካ ነቲ ውሳነ እግባይ ትብለሉ ብዝምልከት ሓበሬታ ድማ ምስቲ ውሳነ ብሓደ ክወሃበካ እዩ። እግባይ ንምባል ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ድማ ነቲ ወዳኢ ጉዳይካ ማለት ሃንድለጋረኺ ኣዘራርቦ።



# ነቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣዘራርቡዎ

## ቴለፎን

ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ክፍሊ ሓገዝ ንስንኩላን ንምምጻእ ናብ ናይ ዮቶቦሪ ከተማ ክፍሊ ርክባት ደውል። ንሳቶም ድማ ምስ ኣብ ጥቓኺ ዘሎ ክፍሊ ሓገዝ ንስንኩላን ኣብ ምርኻብ ክሕግዙኺ እዮም። ክፍሊ ርክባት ከተማ ዮቶቦሪ፣ ቴለፎን፣ 031–365 00 00

ድጂታላዊ መመልከቲ ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት

ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ናይ ከተማ ዮቶቦሪ ኣቢልካ ናይ ሓገዝ መመልከቲ ክትመልእ ትኽእል ኢኻ። ኣብ goteborg.se/funktionsnedsattning ምስ ኣተኻ ሓደ ጥብቆ ማለት ሊንክ ክትረክብ ኢኻ። ወይ ድማ ኣብ goteborg.se ምስ ኣተኻ "E-tjänster och blanketter" ኣብ ዝብል ክትረኽቦ ኢኻ።

## ነቲ ክፍሊ ሓገዝ ናይ ስንክልና ናትካ ብጽሓዮ

ነቲ ኣብ ጥቓኺ ዘሎ ክፍሊ ሓገዝ ናይ ኣካለ ስንኩላን ኣድራሻ ኣብ goteborg.se/funktionsnedsattning. ክትረኽቦ ኢኻ።

## መራሕቲ መገዲ ንቑልዑን ንዓበይትን ቴለፎን 031-367 98 08

ቲ ክፍሊ መራሒ መገዲ ንኣካለ ስንኩላን ዝኾኑ ሰባት ከመይ ዝበለ ደገፍ ከም ዘሎ ሓበሬታ ክህበኩምን መንገዲ ክርእየኩምን እዩ።

## ናይቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቴለፎን 031-365 87 00

ብመጀመርታ ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ክፍሊ ሓገዝ ናይ ኣካለ ስንኩላን ተወከስ። እቶም ክፍሊ ሓገዝ ናይ ኣካለ ስንኩላን ዝርከቡሉ ናይ ቴለፎን ግዜ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:00-16 እዩ። ኣብ ግዜ ምሸት፣ ለይቲ ከምኡ ድማ ቀዳመ ሰንበት ሓገዝ ምስ ዘድሊ ነቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ርኸቦ።

## ሓገዝ ንዝምልከቶም

እቲ ናይ ቤተ ሰብ ምምኻር ቤት ጽሕፈት ነቶም ኣካላዊ ጉድለት ዘሎዎ ሰብ ተጸዋዕቲ ወይ ቤተ ሰብ ንዝኾንኩም ሰባት ከም ደገፍ ኮይኑ የገልግል። ኣብ ቀረባኺ ንዘሎ ቤት ጽሕፈት ምምኻር ኣድራሻ ርክባቱ ምስ ዘድሊ ኣብ goteborg.se ክርከብ ይክኣል እዩ።

## ርእይቶ

ኣብ ናይ ዮቶቦሪ ከተማ ቤት ጽሕፈታት ወይ ድማ ክፍሊ ኣገልግሎት ኣብ goteborg.se. ርእይቶኺ ክትገድፍ ትኽእል ኢኻ።

Göteborgs Stad 211119-001-161 Tigrinja Tryck: Exakta Mars 2022